SANOFI

# ናይ ተሓካሚ ሓበሬታ

# Insuman Basal
# ንዝተቐበሉ ኩሎም




INSUMAN® Basal
insulin human (isophan)

እዚ በራሪ ፅሑፍ እዚ ዝጸሓፍናልኩም ሕማም ሽኮር ስለዘለኹምን ብሓኪም Insuman Basal ስለዝተኣዘዘልኩም እዩ። ኩሎም ናይ ሽኮር ሕማም ሕክምናታት ዋና ዕላማ ብዝተኸኣለ መጠን ናይ ደም ሽኮር መጠን ምቁፅፃርን እቲ ሕሙም ፅቡኞ ስምዒት ክስምዖ ምግባር እዩ።

ብዛዕባ ናይ ሽኮር ሕማም ሕክምናኹም ሕቶ እንተድኣ ሃሊኩም ንነርስ ወይ ዶክተርኩም ክትሓቱ ኣለኩም።

# ቤዛል ኢንሱሊን ንምንታይ እዩ ዘድልየኒ?

ኢንሱሊን ሰውነትና ኣብ ውሽጢ ደም ዘሎ ናይ ሽኮር መጠን ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ሆርሞን እዩ። ቤዛል ኢንሱሊን 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ማዕረ ናይ ኢንሱሊን መጠን ሒዙ ንክጸንሕ ንሰውነትና ዝሕግዝ እዩ።

**Insuman Basal** ማእኸላይ ተግባራዊ ቤዛል ኢንሱሊን እንኸውን ቀስ ኢሉ እዩ ዝጅምር።

ክትወስዶ ዘለካ ዶዝ ኣብ መነባብሮኻ፣ ናይ ደም ግሉኮስ ምርመራ ውጽኢትካን ቅድሚኡ ተጠቒምካዮ ዝጸናሕካ ዓይነት ኢንሱሊን ምህላውን ዝተመርኮሰ እዩ። ካብ ካልእ ኢንሱሊን ናብ Insuman Basal ቀይርኩም እንተኾይንኩም፣ እትወስድዎ ዶዝ ክስተኻኸል ኣለዎ ማለት እዩ።

ናይ ዘድሊ በዝሒ ሽኮር (ሚግ/ኪግ/ደቒቓ) ናይቲ ኢንሱሊን ጽዕንቶ ዘርኢ




Lepore et al, Diabetes 2000;49:2142-48

# ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጎናዊ ጽልዋታት

**ካብዚ ናይ ኢንሱሊን ሕክምና እንታይ ዓይነት ጎናዊ ጽልዋታት ከጋጥሙኒ ይኽእሉ?**
ኣብ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምምርኳስ፣ ኣብ ደምኩም ምስ ዘሎ መጠን ሽኮር እንትነጻጸር ዝበለጸ ኢንሱሊን ሃሊኩም ክትርከቡ ትኽእሉ። ድሕሪኡ ካብቲ ልሙድ ዝተሓተ ናይ ደም ሽኮር ክህልወኩም ይኽእል (< 3.5 mmol/l)። እዚ ናይ ኢንሱሊን ሰንሲቲቪቲ ይበሃል።

**ልሙድ ባህርያታት፡-**

- ፍርሒ
- ናይ ጥሜት ስምዒት
- ምርሃጽ
- ምንሃር ትርግታ ልቢ
- ዝተዛበዐ ትኹረት
- ናይ ዓይኒ ጸገም
- ቁጥዐ/ባግራም ባህርያት
- ኣሸቴንያ

**ናይ ኢንሱሊን ሰንሲቲቪቲ ምኽንያታት፤**

- ዝደንጎዩ ምግቢታት
- ኣዝዩ ውሑድ መግቢታት
- ብዙሕ ኢንሱሊንን/ወይ ናይ ደምሽኮር መውሓዲ መድሓኒታት ምውሳድ
- ኣካላዊ ንጥፈት /ምስቅስቓሳት (ካብ ዝግመት ንላዕሊ ወይ ንነውሕ ዝበለ ግዘ ምንቅስቓስ)
- ኣልኮል

ናይ ደም ሽኮር ንምዕባይን ኩሉ ግዘ ክትበልዑ ከምዘለኩም ዝስመዐኩም ስምዒት ንምጥፋእን። ዴክስትሮዝ፣ ናይ ጽሟቕ ብርጭቆ ወይ ዝኾነ ጥዑም ነገር ናይ ደም ሽኮር ብቕልጡፍ ክበዝሕ ይገብሮ። ናይ ደም ሽኮር 3.0–4.0 mmol/l ምስ ንጹር ምልክታት ብዴክስትሮዝ፣ 1/2-1 ዴክስትሮዝ ከኒና ብ 10 ኪግ ናይ ሰውነት ክብደት መጠን ብምሃብ ምሕካም ይከኣል። ብቕልጡፍ ናብ ሰውነት ንክሰራጮ ማይ ስተይ።

ቅድሚ ቀጻላይ መኣዲኹም ምምጋኩም ዝተወሰነ ግዘ እንተሊኩም፣ ተወሳኺ ጠዓሞት ምብላዕ ክህልወኩም ይኽእል። ብዙሕ ምግቢ ስለዝበላዕካ እዚ ስምዒት እዚ ብቕልጡፍ ኣይጠፍእን። ናይ ኢንሱሊን ሕክምና ኣብ ትከታተለሉ እዋን ኣዝዩ ጠቓሚ ምኽሪ ዴክስትሮዝ ሒዝካ ምሳኻ ዙር።

# ቅድሚ ናይ Insuman Basal መርፍእ ምውጋእኹም

**ነቲ Insuman Basal**

ቫያል ወይ ኣቑዲሙ ዝተመልአ SoloSTAR ብዕሪታት ብኣግባቡ ብዕሹጎም ኣብ ፍሪጅ ኣቐምጥዎም፣ ኣብ ዝሑል ጸልማት ቦታ እዮም ክቕመጡ ዘለዎም (2°C ክሳብ 8°C)።

Insuman Basal ክሳብ ዝደርቕ ኣይተዝሕልዎ።

ስለዚ፣ Insuman Basal ኣብቲ መድረቒ ክፍሊ ወይ ኣብ ጎኒ በረድ ኣይትኽዝንዎ።

ነቶም ኣቑዲሞም ዝተመልኡ ብዕሪታት ወይ መትሐዚታት ኣብ መዐሸጊኦም ከዝንዎም

**ቅድሚ መጀመርያ ምጥቃምኩም**

ሓድሽ ቫያል ወይ ሓድሽ ኣቑዲሙ ዝተመልአ SoloSTAR ብዕሪ ክትጥቀሙ ከለኹም፣ 1–2 ሰዓታት ቅድም ኢልኩም ካብቲ ፍሪጅ ኣውጽእዎም።

**ቅድሚ ሕድሕድ ምውጋእ ነቲ ኢንሱማን ቤዛል ሓዋውስዎ።** እዚ ምትሕውዋስ ነቲ ብዕሪ 10 ግዘ ዝኸውን ንቕድሚት ንድሕሪት ብምንቅስቓስ ምድላው ይከኣል። ሕድሕድ መትሐዚ ነቶም ትሕዝቶታት ብቕልጡፍን ብኣግባቡን ንምትሕውዋስ ዘሳልጡ ሰለስተ ኣናእሽተይ ሓጻዊን ኣለውዎ። እቲ ኢንሱሊን ቅድሚ ሕድሕድ ምውጋእ ክተሓዋወስ ኣለዎ። ድሕሪ ምትሕውዋስኩም፣ እቲ ፈሳሲ ልሙጽ፣ ጻባ ዝመስል ሕብሪ ክህልዎ ኣለዎ።

ኢንሱማን ቤዛል፣ ንኣብነት፣ እቲ ፈሳሲ ጽሩይ ኮይኑ እንተጸኒሑ ወይ እንተዓንኪዉ፣ ንጥረ ነገራት ወይ ቅራፍ ነገር ኣብቲ ኢንሱሊን ዝረኣዩ እንተኾይኖም ክትጥቀምዎ የብልኩምን።



ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታታት፣ ሓድሽ መርፍእ/መትሐዚ ክትጥቀሙ ኣለኩም። Insuman Basal ንምውጋእ ኩሉ ግዘ ሓድሽ መርፍእ ተጠቐሙ።

Insuman Basal ዝተጠቐምኩምሉ እንተበዚሑ ን4 ሰሙናት እንተበዚሑ ንልዕሊ **25°C** ካብ ሙቐት እውን ክሕሎ ኣለዎ (ንኣብነት፣ ኣብ ጎኒ ራድያተር ክኸውን የብሉን)፣ ቀጥታ ብርሃን (ንኣብነት፣ ናይ ጸሓይ ብርሃን ወይ ካብ መብራህቲ ጎኒ) ካብ ዛሕሊ እውን ክሕሎ ኣለዎ። ምጥቃም ድሕሪ ምጅማርኩም ድሕሪ 4 ሰሙናት ዝተረፈ ኢንሱሊን እንተሃሊዩ፣ ነቲ ቫያል/ወይ ነቲ ኣቑዲሙ ዝተመልአ SoloSTAR ብዕሪ ደርብዩ።

# Insuman Basal ከመይ ምውሳድ ትኽእሉ

ዶክተርኩም ወይ ነርስኹም ብዛዕባ ዶዙን ኣበይ ናይ ሰውነትኩም ኣካል ነቲ Insuman Basal ክትውግእዎ ከምዘለኩምን ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም።

- ኣብ ናይ ጾም ባህሊኹም መሰረት ብምግባር ናይ ዶዝ ምውሳኽ/ምጒቕናስ ከጋጥም ይኽእል
- ናይ ጾም ግዘኹም በቢ መዓልቱ ክትዕቅንዎ ኣለኩም
- ንልዕሊ በቢ 3–4 መዓልቲ ዶዝኩም ኣትምልኡ።




ብናይ ኢንሱሊን ኣወጋግኣ ሓድሽ ምኽሪ መሰረት፣ ናይ መውግኢ ቦታታትኩም ምቅይያር ከምኡውን ናይ Insuman Basal ኣብቲ መውግኢ ቦታ ንሱ ምቅይያር ጠቓሚ እዩ።

**ናይ ቅድሚ ምግቢ ምብላዕካ ዘሎ ናይ ደም ግሉኮዝካ ለክዕ**

ብዛዕባ ናይ ጾም ደም መጠንካ ምፍላጥካ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። እዚ ትረኽብዎ መጠን ምስ ዶክተርኩም ወይ ናይ ሽኮርያ ነርስኹም ተማኺርኩም ናይቲ Insuman Basal መጠን ንምውሳኽ/ንምጒቕናስ ይጠቕመኩም። ናይ ደም ግሉኮዝ መጠንካን ናይ ኢንሱሊን ዶዝካን ንምፍላጥ ብኽብረትካ ናይ ሽኮርያ ዳያሪ ተጠቐም።

ካብዞም ዝስዕቡ ቦታታት ምረጽ፦



# Insuman Basal SoloSTAR




ምምላእ ሓደ ዶዝ ኣብ ሓደ ግዘ ምግባር ይከኣል።

# Insuman Basal ከመይ ምውጋእ ምጅማር ይከኣል

1

እቲ ትኽክለኛ ኢንሱሊን ከምዝሓዝካ ኣረጋግጽ።

Insuman Basal SoloSTAR ጻዕዳ ኮይኑ ቆጻል መውግኢ መጠወቒ ኣለዎ።



2

እቲ ናይ መኸልከሊ ካፕ ኣወግዱ። እንተንኢሱ 10 ግዘ እቲ SoloSTAR ብዕሪ ቀስ ኢልካ ኣዙርዎ (ላብ ላዕሊ ንታሕቲ) እቲ ኢንሱሊን ንምትሕውዋስ።



እቲ ኢንሱሊን ተመሳሳሊ ጸባ ሕብሪ ዘለዎ ጻዕዳ ሕብሪ ከምዘለዎ ኣረጋግጹ።

3

ሓድሽ መርፍእ ኣተሓሕዞሉ። ኣብቲ ትጥቀመሉ ዘለኻ መርፍእ ብምምርኳስ ነቲ ካፕ ጥወዮ ወይ ክፈቶ።



**ኣገዳሲ!**
እቲ መርፍእ ከይተተሓሓዘ እንከሎ እቲ ዶዝ ከይትመልኦ እቲ ናይ መውግኢ መጠወቒ እውን ከይትጥውኞ።

# ናይ ደሕንነት ምርመራ ቅድሚ ሕድሕድ ምውጋእ ፈጽም

4

እቲ ናይ ዶዝ መምረጺ ብኣዘዋውራ ሰዓት ብምዝዋር 2 ዩኒት ግበርዎ።

እቲ ደጋዊን ውሽጣውን መርፍእ ሽፋን ኣወግድ።



5

እቲ መርፍእ ንላዕሊ ገጹ ጌርካ እቲ ናይ SoloSTAR ብዕሪ ሓዞ።

ኣንጻር እዚ ናይ ኢንሱሊን መትሓዚ ብኣጻብዕትኹም ብምጽፋዕ ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ናይ ኣየር እኩባት ኣውጽእዎም።



6

እቲ ናይ መውግኢ መጠወቒ ሙሉእ ብሙሉእ ድፍኣዮ። እቲ ኢንሱሊን ካብቲ መርፍእ ዝወጽእ ምህላዉ ኣረጋግጹ ኣብቲ ናይቲ ዶዝ መስኮት ድማ “0” ክረአ ኣለዎ።



# እዚ ዶዝ መሊእኹም ተወግኣዮ

7

ዝተመረጸ ዶዝካ ምላእ። ክትወግኦ ካብ ዘለካ ዩኒት ሓሊፍካ እንተተጠዊኻ፣ ናብቲ ትኽክለኛ ዩኒት ተመለስ።



9

ጸቒጥኩም ሒዝኩም ነቲ ናይ መውግኢ መጠወቒ ጠዊቕኩም ክሳብ 10 ቁጸሩ። ድሕሪኡ፣ እቲ መርፍእ ነቒልካ ኣውጽዮ።




8

ናይቲ ቆርበት ዕጻፍ ኣልዒልካ ወጊእኻ ክሳብ ትውድእ ዓጺፍካ ሓዞ።

እቲ መርፍእ ናብቲ ቆርበት ዕጻፍ ኣእቲኻ ውጋእ።



# ድሕሪ ምውጋእኻ

## 10

ናይ ደገ ሽፋኑ ብምውጻእ እቲ መርፍእ ንቐሎ። እቲ ተኣዚዙልካ ዝነበረ ካኑላ ኣወግዶ።

እቲ ናይ መከላኸሊ ናብቲ SoloSTAR ብዕሪኹም ገጢምኩም ደሕንነቱ ብዝተሓለወ መልክዑ ከዝኑ።





**ኣገዳሲ!**
ድሕሪ ምውጋእኩም ኩሉ ግዘ ነቲ መርፍእ ኣውጺእኹም እቲ SoloSTAR ብዕሪ ብዘይ መርፍእ ከዝንዎ። እዚ ምብካል፣ ናይ ኣየር እኩባትን ናይ ኢንሱሊን ምፍሳስ ከይህሉ ከይፍጠር ይሕግዝ።

# ክትዝክሮ ዘለካ

## ብኣግባቡ ኣቐምጦ

### ቅድሚ ናይ መጀመርያ ምጥቃምኩም

- ነዞም ሓደሽቲ ናይ SoloSTAR ብዕሪታትን መትሐዚታትን ኣብ መዐሸጊኦም እንተለዉ ኣብፍሪጅ ኣቐምጥዎም፣ ኣብ ዝሑልን ጸልማትን ቦታ እዮም ክቕመጡ ዘለዎም **(2°C ክሳብ 8°C)**።
- **ከይተድርኽዎ።**

### ድሕሪ ናይ መጀመርያ ምጥቃምኩም

- እዚ SoloSTAR ብዕሪ ኣብ ልሙድ መጠን ሙቐት ኣቐምጥዎ፣ **እንተበዝሐ ኣብ 25°C።**
- **ኩሉ ግዘ** ድሕሪ ምውጋእ ነቲ መርፍእ ኣውጽእዎ።
- **ነዚ ናይ** SoloSTAR ብዕሪ ብዘይ መርፍእ ኣቐምጥዎ። እዚ ምብካል፣ ናይ ኣየር እኩባትን ናይ ኢንሱሊን ምፍሳስ ከይህሉ ከይፍጠር ይሕግዝ።
- **ነዚ** SoloSTAR ብዕሪ ካብ ጸሓይን ሙቐትን ሓልዉ
- **ነዚ** SoloSTAR ብዕሪ መከላኸሊ ካፕ እንዳሃለወ ክኽዘን ኣለዎ።
- **እዚ** SoloSTAR ብዕሪ እንተበዚሑ ን **ኣርባዕተ ሰሙናት** ድሕሪ መጀመርያ ምጥቃምኩም ተጠቐሙሉ።

### ነቲ ብዕሪ ተኸናኸንዎ

- ብዕሪኹም ዝተበላሸወ እንተመሲልኩም፣ **ክተዐርይዎ** ከይትፍትኑ። ሓድሽ SoloSTAR ብዕሪ ተጠቐሙ።

### ነቲ ብዕሪ ምውጋድ

- **እቲ መርፍእ** ቅድሚ እቲ SoloSTAR ብዕሪ ምውጋድኩም ንቐልዎ።
- **ነቲ** SoloSTAR ብዕሪ ግዜኣዊ ኣገባቡ ብዝብሎ መንገዲ ክተወግድዎ ኣለኩም።

**ብዛዕባ ናይ SoloSTAR ብዕሪኹም ሕቶ እንተሃለኩም፣** ብ 020-52 68 87 ክትድውሉልና ነጻነት ይሰማዕኩም።

# ናይ ኢንሱሊን ብዕሪ




**SoloSTAR®** ኣብ 1 ዩኒት ውሽጢ ዝተወሰኾ ኣቑዲሙ-ዝተመልአ ናይ ኢንሱሊን ብዕሪ እዩ። እቲ ዝበዝሐ መጠን ብመርፍእ 80 ዩኒት እዩ።



**AllStar®PRO** ቫያላት ዝመለአ ደጊምካ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝኽእል ብዕሪ እዩ። ብብሪን ሰማያዊ ሕብሪን ምርካብ ይከኣል። ነቲ ዶዝ 1 ዩኒት መሊእኻ ኣዳልዎ። እቲ ዝበዝሐ መጠን ብመርፍእ 80 ዩኒት እዩ።




**JuniorSTAR®** ኣብ ናይ 0.5-ኣሃድ ክፍተታት፣ ኣብ ሓደ መርፍእ 1-30 ዩኒት፣ እንደገና ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝኽእል ብዕሪ እዩ። ብሰማያዊን ብሪ ሕብሪን ምርካብ ይከኣል።

**ብዛዕባ ብዕሪታትና ዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ**
www.insulin.se.ምርካብ ይከኣል

INSUMAN® Basal
insulin human (isophan)

**Insuman®Basal** (humaninsulin, isofan), 100 IE/ml injektionsvätska, suspension Receptbelagt läkemedel. **Indikation:** Insuman Basal används för att minska högt blodsocker hos patienter med diabetes mellitus som behöver behandling med insulin. Det har en gradvis insättande effekt och lång verkningstid. **Varningar och försiktighet:** Var noga med att följa doseringsinstruktionerna och instruktionerna för kontroll (av blod och urin), matvanor, fysiska aktiviteter (fysiskt arbete och träning) och injektionsteknik enligt samtal med din läkare. För ytterligare information, se www.fass.se. **Kontaktuppgifter:** Insuman Basal tillhandahålls av Sanofi AB, Box 30052, 104 25 Stockholm, tel: +46 8 634 50 00, www.sanofi.se. Vid frågor om våra läkemedel kontakta: infoavd@sanofi.com. Läs bipacksedeln noga före användning.




## ሕቶታት ብዛዕባ ናይ ሽኮርያ ምህርቲታትና፦-

# 020-526887

# insulin.se

ብዛዕባ ሽኮርያ ዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ insulin.se ምርካብ ትኽእል
ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ ሽኮርያ ምህርቲታት ድማ ኣብ fass.se ምንባብ ትኽእል
ብዕሪታት ከመይ ምጥቃም ከምዝከኣል ዘርእዩ መምርሒ ዝሓዙ ቪድዮታት ኣብ medicininstruktioner.se ምርካብ ይከኣል

**ብኽብረትካ ናይዚ በራሪ ወረቐት ሓበሬታ ብኣግባቡ ኣንብቦ።**

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ምስ Eva Salomonson ን
Rebecca Odhagen, Örebro ዩኒቨርሲቲ ሆስፒታል ብምትሕብባር ዝተዳለወ እዩ።

SANOFI

sanofi.se

SASE.INA.18.11.0344, ማርች 2019